# ንዓንድታት ናይ ዲክታቶር ዘደልድሉ ምርጫታት

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
17.04.2004

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ንግዝኣተ-ሕጊ ኣይምእዘዝን ኢሉ ብናይ በረኻ ሕጊ ክሰርሕ፤ ንድምጺ ዲሞክራስን ፍትሕን ማዕርነትን ብምዕፋን ኣብ ሃገርና ንኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን ጋዜጠኛታትን መራሕቲ ህግዲፍን ከጸልምን ክኣስርን ክቕንጽልን፤ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ ናጽነታት ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን ምንቅስቓስን ምውዳብን ...ወዘተ ክግህስን፡ ከምዝጸንሐን ዘሎን ካብ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ስውር ኣይኮነን። ከምኡ ውን፡ ንመንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብቲ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዝወልዖ ትርጕም ዘይብሉ ውግኣት ክጥጥቕን፤ ዕሸል ዕድሚኦም ኣብ ግንባራት ናይ ውግእ ከብልዩን፤ ካብዚ ዘምለጡ ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ድማ ንስደት ክሳጥሑን ገይርዎም ኢዩ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኵነታት፡ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ግንቦት 2004 ዓ.ም ዲሞክራስያዊ ዞባዊ ምርጫታት ክካየድዩ እናበለ፡ ንርእይቶ ህዝቢ ኤርትራን ኣህዛብ ዓለምን ንምድንጋር ብናይ ዜና ማዕከናቱ ለይትን መዓልትን ክነብሕ ይውዕልን ይሓድርን ኣሎ።

ዲሞክራሲ፡ ናጽነት ናይ ምርጫ ምኻኑ ኣብ ቅድሚ ሕጂ ዘቕረብናዮም ጽሑፋት ብሰፊሑ ገሊጽና ምንባርና ዝዝከር ኢዩ። እዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ክካየድዩ ዝብሃል ዘሎ ዞባዊ ምርጫ እምበኣር፡ ናጽነት ናይ ምርጫ ዘይብሉ፡ ሓደ ውልቀ-ሰብን ናቱ ሰልፍን ድሌታቶም ዝረጋገጹሉ ምርጫ ኢዩ። ብዘይካ ደገፍቲ ስርዓት ህግዲፍ ካልኦት ክወዳደሩ ኣብ ዘይፍቀደሉ፥ ናጽነት ናይ ፕረስ ኣብ ዘይብሉ፥ ብህዝቢ ዝጸደቐ ቅዋምን ሕግታት ናይ ምርጫን ኣብ ዘይብሉ ስርዓት ዝካየድ ምርጫ ስለዝኾነ፥ ውጽኢቱ ነቲ ገዛኢ ፓርቲ ዘገልግል ምኻኑ ደርሆ ውን ጻሕቲራ እትረኽቦ ምስጢር ኢዩ። በይኑ ዝጐዩ ዝቕድሞ ስለዘይብሉ፡ እቲ ኣብዚ ምርጫዚ ዝዕወት ስርዓት ኢሳያስ፡ እቲ ዝስዓር ድማ ህዝቢ ኤርትራዩ ክኸውን ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ሎሚ ካብዚ ስርዓትዚ ዘናግፎ፡ ሰላምን ፍትሕን ማዕርነትን ብልጽግናን ዝሰፈና ኤርትራ ክሃንጽን ኢዩ ዝደሊ። እዚ፡ ተወጢኑ ዘሎ ምርጫታት ግን፡ ካብዚ ቅዱስ ዕላማዚ ኣዝዩ ርሑቕ ኢዩ ዘሎ። ኢሳያስ፡ በዚ ምርጫዚ ኣቢሉ ከረጋግጾ ዝደሊ፡ ምንዋሕ ናይ ዕድመ ስልጣኑን፥ ንዘካይዶ ብሕታዊ ኣጀንዳኡ ብስም ባይቶታት ህዝቢ ኤርትራ ሕጋውነት ንምልባስን፥ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታታን ገበናትን ንኣባላት ዞባዊ ባይቶታት መሻርኽቱ ክገብሮምን ኢዩ።

ኣብ ርእሲዚ፡ ካብ 300,000 ንላዕሊ ዝኸውን ገዲም ተጋዳላይን ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኾኑ መንእሰያትን ኣብ ግንባራት ውግእን ታዕሊምን፥ ልዕሊ 135,000 ዝኸውን ህዝቢ ካብ መነባብሮኡ ተመዛቢሉ፡ ማእለያ ዘይብል መንእሰይ ንስደት ኣብ ዝወጸሉ፡ 1.9 ሚልዮን ዝኸውን ህዝቢ ብጥሜት ኣብ ዝሳቐየሉ ዘሎ እዋን ዝካየድ ዘሎ ዞባዊ ምርጫታት ህዝቢ ዝሳተፎን፥ ብምሉእ ናጽነት ዝካየድ ፍትሓውን ርትዓውን ምርጫታት ክኸውን ከምዘይኮነ ርዱእ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ ነቶም መንካዕ የሚን ወዘተ ኢሉ ዝሰምዮም ተቓወምቲ ካብ ጉባኤታት ንምንጻል ዝጥቀመሉ ዝነበረ ቅድመ-ኵነት ሕጂ ውን ኣብዚ ዞባዊ ምርጫታት

ክግልገለኡ ምኽኒኑ ሓቢሩ ኣሎ። ገለ ካብኡ፣ ብገበን ዘይተኸሰ፣ ንህዝቡን ሃገሩን እሙን ዝኾነ ...ወዘተ ዝብል ኢዩ።

እዚ ከኣ፣ እንታይ ማለት ምኽኒኑ ነቲ ብቓልሲ ዝሓለፈ ህዝቢ ኤርትራ ይጠፍኦ ኢዩ ዝብል ግምት የብልናን። ብሓጺሩ ግን፣ ኣባል ወይ ጽልዋ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዘይብሉ፥ ነቶም ኣብ ማእሰርቲ ዝርከቡ ይኹኑ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኣባላት መሪሕነት ህግዲፍ ነበር ዘይድግፍ፥ ነቲ ብመንግስቲ ኢሳያስ ዝወጸ መደባት ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ናይ ዋንነት መሬት፣ ናይ ዜግነት ጉዳይ፣ ናይ ውግእ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት። ናይ መሕወይ ግብሪ ...ወዘተ ዘይተቓወመ ዜጋ ክኸውን ኣለዎ ማለት ኢዩ።

እዚ፣ ህዝቢ ኤርትራ፣ በዚ ተንኰለኛ መደብ ናይቲ ስርዓት ከይደናገርን፤ ኣብቲ እዚ ስርዓትዚ ዝፍጽሞ ዘሎ ገበናት ተሓባባሪ ከይከውንን ዓቢ ጥንቃቐ ክገብር ዝሕተተሉን ብንቕሓት ክዋሳእ ዝጥለበሉን ኣዝዩ ተኣፋፊ ዝኾነ ጉዳይ ምኽኒኑ ክግንዘብ ኣለዎ። ብፍላይ፣ እቶም ተወዳዳርቲ ድማ፣ ጽባሕ እቲ ስርዓት ብዝፈጸሞ ገበናት ተሓተቲ ክኾኑ ምኽኒኖም ክዝንግዕዎ ወይ ክርስዕዎ ኣይግባእን።

ኵሉ ብውሽጢ ይኹን ብግዳም ዝርአ ዘሎ ምልክታት ዕድመ ስልጣን ናይዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓትዚ ሓጺር ምኽኒኑ ኢዩ ዝሕብር። ንግዝያዊ ጥቕሚ ክትብል ንዘልኣለም ክትከኣነን ምንባር ጽቡቕ ስለዘይኮነ፣ ነቶም ኣብዚ ውድድራትዚ ኣትዮም ክመርጹን ክምረጹን ዝደልዩ ዜጋታት፣ ብዝተኻእለ መጠን ካብዚ ምርጫታትዚ ክርሕቑ ምኽርና ክንልግሰሎም ንፈቱ።

ብኣንጻሩ፣ ነቶም ኣብ ጐዳጉዲ ተኣሲሮም ዝሳቐዩ ዘለዉ ናይ ሕሊና ማለት ናይ ፖለቲካ ይኹን ናይ ሃይማኖት እሱራት ዜጋታት ሓራ ንምውጻእ፤ ነቶም ኣብ ግንባራት ናይ ውግእ ተላኢኾም ንህልቂት ዝዳረጉ ዘለዉ መንእሰያት ናብ ቤቶምን መኣዲ ፍልጠትን ተመሊሶም ንህዝቦምን ንነብሶምን ዘርብሕ ስርሓት ክሰርሑ፣ ክወልዱን ከዘምዱን ክንገብር፥ ነቲ ንጐረባብቲ ዝኾኑ ኣህዛብ ተዓጽይዎም ዘሎ ዶባት ከፊትና ንልምዓትን ምዕብልናን ፍቕርን ሕውነትን ከነውዕሎ፤ ነቶም ናብ ሃገሮም ዘይተመልሱ ዘለዉ ዜጋታት ናብ ሃገሮምን ህዝቦምን ተመሊሶም ኣብ ዳግመ-ህንጻ ክሳተፉ ክንገብር፣ ነቲ ብጥሜት ዝሳቐ ዘሎ ህዝብና ክንዕንግል፣ ነዚ ንኣፍራዩ ዓቕሚ ናይ መንእሰያትና ዝጽንቅቕ ዘሎ ዋሕዚ ናብ ስደት ደው ንምባል፣ ኣብ ጐድኒ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ደው ኢልና ክንቃለስ ኢዩ ትጽቢት ዝግበረልና ዘሎ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፣ ቅዋምን ናጽነት ናይ ፕረስን ኣብ ዘይብሉ፣ መሰረታዊ ናጽነታት ናይ ወዲ ሰብ ኣብ ዘይኽበረሉ፣ ተወዳደርቲ ሰልፍታት ብናጻ ኣብ ዘይዋስኣሉ፣ ዝካየድ ምርጫታት ንዓንድታት ዲክታቶር ንምድልዳል ዝውዕል ተዋስኦ ምኽኒኑ ጥራሕ ኢዩ ዝርዳእ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ፣ ነቲ ሕጂ ብስርዓት ህግዲፍ ዝካየድ ዘሎ ዞባዊ ምርጫታት ዘይቕበሎን ዘይድግፎን ምኽኒኑ የፍልጥ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ ክቃለስ ድማ ጻውዒቱ የቕርብ።